## ውድባዊ መግለጺ ብምኽንያት ዝኽሪ መበል 14ዓመት ምምስራት ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ

ክፍሊ ዜና
ዲ.ው.ዓ.ቀይሕ ባሕሪ
27-01-2012

ህዝቢ ኤርትራ ንነዊሕ ዓመታት መስዋእቲ ዝኸፈለ፡ ነጻነቱን ህላዌኡን ተረጋጊጽሉ አብ ሃገሩ ብሰላም ክነብር ስለዝደለየ ኢዩ፡፡ ኮይኑ ግን ናይዚ ጸጋ፡ዚ ተዓዳሊ ክኸውን አይከአለን፡ ንዳግማይ ስደትን ሸግርን ጥምየትን ተቓሊዑ፡ አብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ዓለምና ፋሕ ጭንግራሕ ኢሉ ይነብር አሎ፡፡ ገለ ውን ናብ ዓዲ ስደት ሞዕቆቢ ክደሊ ፋሕተርተር ክብል ዘይተሳለጠሉ ኤርትራዊ ዜጋ ሬሱኡ፡ካ ኑቡር ሓመድ ኣዳም ከይለበሰ አብ ማእከላይ ባሕርን አብ ዓበይቲ ምድረበዳ ዓለምናን ከም በዓል ሰሃራ ሊብያን ሲናእን ዝተዋሕጠን ዝሰጠመን ዉሑድ አይኮነን፡፡ ካልኦት.ዉን አቁሑ አካላቶም ቶኅርጊሩ ናብ ዝተፈላለያ ሆስፒታላት ብጸሊም ዕዳጋ ናብ ዕዳጋታት ቐሪቡ ብዶላራት ተሸይጡ ኢዩ፡፡ አብ ኤርትራ ዘሎ ሑሱም ናብራ አበየናይ ጥርዙ በጺሑ ከምዘሎ ድማ ንምግማቱ ዘጸግም አይኮነን፡

**ኩቡር ህዝቢ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ**

እቲ ከም ሰብን ዜጋን አብ ሃገርካ ክትነብር ዘካየድካዮ ብዝተፈላለየ መልክዕ ተቓውሞ በዚ አጋጣሚ፡ዚ ሞጎስ ንዓኻ ይኹን ፡ ከምኡ፡ውን ህላዌኻ ከጥፍእን ከጽንትን ሓያል እስትራተጂ ሒዙ ዝመጸ ስርዓት በቲ ዉሱን ዓቕምኻ ህላውነትካ ንምርግጋጽ ዘካየድካዮ መሪር ቃልሲ ደጊምና ሞጎስን ክብርን ንዓኻ ይኹን ብማለት እዚ ሎሚ ንዝክሮ ዘሎና መበል 14 ምምስራት ውድብካ ካብ ናትካ ድልየት ዝነቐለን ዲሞክራስያዊን ሕጋውን ሕቶታትካ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ንውሱን ማሕበረ-ሰብ ዓለምና ን ንኽበጽሕ ዝገበርካን ከቢድ መስዋእቲ ዝኸፈልካ ህዝቢ ኢኻ፡ አብቲ ዝተሓላለኸን ዝጸንከረን ፖሎቲካዊ ነውጺ አብ ዞባና አብ ዝተፈጥረሉ እዋን.ውን ሰጊርካ እቶም ቀንዲ ድልየታትካ ብምቅዳም ዝገበርካዮ ቃልሲ ንኻልኦት ብሄራት ኤርትራ አብነት ኮይንካ አብ ጎንኻ ክስለፉን መሰላተን ክሓታ ዘገደድካ ህዝቢ ኢኻ.ሞ ነቲ ዝተረፈካ መድረኽ ምስ ኩሎም ህዝብታት ኤርትራ ኮይንካ ክትብደሆ ከም ምኻንካ ዘጠራጥር አይኮነን፡፡ ብሰላምን ቅሳነትን መሰላትካ ተረጋጊጹ አብ ሃገርካ ኤርትራ እትነብረሉ ጊዜ ድማ ሩሑቕ አይክኸውንን ኢዩ፡፡

**ኩቡር ህዝቢ ኤርትራ!**

ህዝብታት ሰሜን አፍሪቃ ነቲ ምስ ናይ ኤርትራዊ ሕሰምን ጸገምን ጭቕናን ዘይዳረግ ሕሰሞም ንምእላይ ከም ማዕበል ቶሶናሚ ነቒሎም ነቶም ዘይካአሉ ዝበሃሉን ሓያል ስለያዊ መርበባት ዝወንኑ ዝነበሩ መራሕቲ ሃገራት አውዲቑን ትከላቶም አዕኒዩን ገሊኦም ከም ከልቢ አብ ሓጹር ብምቕማጥ አብ ፍርዲ አቕሪቡን ንገሊኦም ክሃድሙ ካብ አጋንእ አውጺኡ ናይ ሞት ፍርዲ ዝሃቡ ህዝብታት ሃገራት ዓገራት ዓረብ ህያው ምስክር አብ 2011 ዝተራእየን ገና አብ 2012 ዝቕጽል ዘሎን ኢዩ፡፡ ናይ ህዝብታት ማዕበል ዓጋቲ ከም ዘይብሉ ህልዉ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ይምህረና፡ካ እንተነበረ ዝያዳ ግን እዞም አብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተራእየ ህዝባዊ ማዕበል ብቁጽሪ ተዳራጊ ከምዘይብሉ ኢዩ፡፡ ብመራሕቶም ዝተወጽዑ ህዝብታት ካብ ወጸዐኦም ንምንጋፍ ዘርአይዎ ተቓውሞ እዚ ካብ ኮነ ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ድማ ውጹዓት ክፋላት ህዝብና ብዝተፈላለዩ መንገድታት ተቓውሞኦም ይገልጹ. ካ እንተነበሩ ካብዚ ሕጂ ዘሎ ጸገማት ግን ከናግፎም ዝኽእል አይኮነን ነሩ፡፡ እታ ሃገር ከይትጠፍአና ንሰግእ እንተኾይና ካብዚ ሕጂ ዘመሓድራ ዘሎ ስዕሩር ስርዓት ክንናገፍ ታሪኻዊ እዋናዊ ሓላፍነትና ኮይኑ ብልዑል መንፈስ ክንቃለስ ይግባእ፡፡ ሃገር ናይ ኩሉ ህዝቢ ከም ምኻና ብቓልስና ከነረጋግጽ ድማ ይግባእ፡፡

**ኩቡር ህዝቢ ኤርትራ**

ናይ ስልጣን ጽምአቱ ከርዊ ዝቃለስ ወገንን ናይ ምንባር ህልውና ከረጋግጽ ዝቃለስ ወገንን ሓደ ክኾኑ አይክእሉን ኢዮም፡ ንወንበረ ስልጣን ዝቀዳደምን ህዝቢ ካብ ባርነት ሓራ ንኽወጽእ ዝቃለስ ኮቶ አይራኸቡን ኢዮም እሞ

ህዝብና ካብ ባርነት ንምውጻእ እተካይዶ ቃልሲ ነዚ ከረጋግጹልካ ዝኽእሉ መራሕቲ ምረጽ፡ እቲምንታይሲ ዳግማይ ዲክታቶርያውን ጨፍጫፊ ስርዓትን ንኸይምስረት ኢዩ፡፡

## ኩቡር ህዝብና

አብ ዝሓለፈ ሰሙን አሃዱ ስለያ ዑሉል ሰርዓት ኢሰያስ አብ ክልል ዓፋር ኢትዮጲያ ዝፈጸሞ ወጻእተኛታት ናይ ምጭዋይን ምቅታልን ብሓይሊ ምንቅስቓስ ሓድነት ዓፋር ኡጉጉሞ ሓላፍነት ናይዚ ፍጻሜ ክወስድ ዝገበሮ ጸቕጢ ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ብትሪ ይኹን፡ እዚ ድማ እቲ ሓቂ ባህርያት ሰዲ ዝኾነን ሓላፍነትን ሕጊ ዘይብሉ  ስርዓት ምኻኑ ዘመላኽት ኢዩ፡፡

## ኩቡር ህዝቢ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ

ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ንዓሰርተ ወሰለስተ ዓመታት ዘካየዶ ፖሎቲካውን ብረታውን ተጋድሎ አብ ልዕሊ ገባቲ ስርዓት ኢሰያስ ከቢድ ስግአታት ከሕድር ኪኢሉ ኢዩ፡፡ ንመሰል ርእሰ ውሳኔ ህዝቢ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ከም ሕቶ ዘልዕል ሓይሊ ንምፍራሱ ዘይተገብረ ውዲትን ጸለመን የለን፡ ንሓንሳእ ከም መሳርሒ ኢትዮጲያ ክጥመቕ ከሎ ንሓንሳእ ተገንጻሊ ሓይሊ ዓባይ ዓፋር ክምስርት ዝደሊ  እንዳተባህለ ዝጽለም ዝነበረ ውድብ ኢዩ፡ ነዚ ኹሉ ሰጊሩ ግን ምስ ህዝቢ ኤርትራ መሰላት ህዝቡ ተረጋጊጽ ብሓባር ናይ ምንባር ድልየት ከምዘለዎ ብዕሊ አብ ዝሓለፉ ውራያት ህዝቢ ኤርትራ (ዋዕላን ጉባኤን) ዘመስከረ ህዝብን ሓይልን ኢዩ፡፡ መሰል ምሕታት ከም ገበን ዝርኢ ወገን ድማ ካብ ሰርዓት ፈሊኻ ዝረኤ አይኮነን፡ ዲ.ው.ዓ.ቀ.ባሕሪ ን 13 ዓመታት ዘካየዶም ፖሎቲካዊን ብረታዊ ቃልስታቱን ዝተራእየ ውጺኢታቱን አብ  መትከላቱ ክጸንዕ አገዲዶሞ ኢዮም. ሕጂ›ውን በዚ አጋጣሚ›ዚ ከተሓላልፎ ዝደሊ እንተደኣ ሃልዩ ነዞም ዝስዕቡ ደጊሙ ከረጋግጽ ይደሊ፡-

1- መሰል ርእሰ-ውሳኔ ህዝቢ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ንኽረጋገጽ አበርቲዑ ከምዝሰርሕ፡፡
2- አብ ኤርትራ ፈደራላዊ መንግስቲ ብብሄራውን ጆግራፊካዊን ሰርዓት ክቐውም፡
3- አዋጅ ሰመራ ምስ ኩሉ ነጥብታቱ አብ ኤርትራ ክረጋገጽ፡
4- መሰል ብሄራት ክረጋገጽ፡

**Red Sea Afar Democratic Organization, Info.&Comm.Office, Addis Ababa- Ethiopia**
+251923705412(telephone)+251922177035 (telephone) +251912097006 (telephone), Email: rsado98@yahoo.com, Website: - www.dahlak.org